# ድሕነት ትራፊክ ንወለዲ ኮተቴ



ንኮተቴ ውሉድኩም ብዛዕባ ድሕነት ትራፊክ ተዛረብዎም

NTF ውሑስ ትራፊክ

www.ntf.se

# ኅባልል ዓለምን ዘይሞቱን፧

**ብቐዓት ምስ ትራፊክ ምውህሃድ ኣብ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ነገራት ይምርኮስ። ንኣሽቱ ሰባት ንኩሎም እቶም ኣብ ትራፊክ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ኩነታት ንክብድሆ ዘኽእሎም ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ሓንጎል ምዕባለ ኣይበጽሕዎን፣ ብቕልል ዝበለ፣ ንሶም ዘይምኩራት ተጠቐምቲ ጽርግያ ኢዮም። ኮተቴታት መታን ጽቡቕ ውሳኔታት ናይ ምውሳን ክእለቶም ከዕብዩ ቀስ ብቀስ በይኖም ነዚ ነገር ንክገብርዎ ክመሃሩ ኣለዎም።**

ከም ወለዲ መጠን ኣብ ናይ ኮተቴ ውሉድኩም ምዕባለን ምስ ትራፊክ ብኸመይ ከም ዝሳነዩን ኣገዳሲ ተራ ኢኹም ትጻወቱ። ኮተቴታት ሳዕቤን ናይ ዝወስድዎ ስጉምቲ ናይ ምምዝዛን ዓቕሞም ብግቡእ ዝማዕበለ ኣይኮነን። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ድማ ኣብዚ ናይ ኩትትና ዕድሚኦም ንነዊሕ ዝጸንሑ ኣረኣእያን ጠባያትን የማዕብሉ። ሓንጎል ቀስ ኢሉ ኢዩ ዝምዕብል። ሳዕቤናት ንምምዝዛን ዝሕግዞ ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ክፋል ሓንጎልና ክሳብ ደቂ 25 ዓመት ምዕባለ ኣይውድእን ኢዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ኢዩ ድማ ኮተቴታት ነቲ ናቶም ብቕዓት ኣጋኒኖም ዝርእይዎ።

ንኣሽቱ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ብሃንደፍታ እዮም ግብረ መልሲ ዝህቡ፣ ከምኡ ውን ኣብ ክንዲ ብምምዝዛን ብስምዒት ኢዮም ግብረ መልሲ ዝህቡ፡ እዚ ድማ ናብ ዝያዳ ሓደገኛ ነገራት ናብ ምግባር ከምርሕ ይኽእል ኢዩ። ድሕነት ዘለዎ ተጠቓማይ ናይ ጽርግያ ምዃን ካብ ግምገማ ናይ ሓደጋን ናይ ኻልኦት ሓልዮትን ኢዩ ዝመጽእ። መሰረት ናይ ድሕነት ኣብ ትራፊክ ዘተባብዕ ዓይነት ኣተሓሳስባ ምንጻፍ ኣገዳሲ ኢዩ። እቶም ከጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታት ተመያየጡሎም። ዝተፈላለዩ ባህርያት እንታይ ዓይነት ሳዕቤናት ክህልውዎም ከም ዝኽእሉ ክዝተየሎም ኣሎዎ።

**ኣበዚ ገጻት እዚ፣ NTF ንወለዲ ናይ ብገዛእ ርእሶም ኣብ ትራፊክ ንጡፋት ዝኾኑ ኮተቴ ዝኸውን ሓበሬታን ማዕዳን ኣስፊሩ ኣሎ።**




298:-

# ንኣሽቱ ሰባት ኣብ ብሽክለታ

**ኣብ ናይ ኮተቴ ዕድመኦም ኣብ ዝበጽሑሉ እዋን መብዛሕቲኦም ቆልዑ ኣብ ትራፊክ ንበይኖም ኮይኖም ብሽክለታ ንነዊሕ ዓመታት ዘዊሮም ኣሎዉ። እንተ ኾነ ግን እዚ ነገር እዚ ኣብ መንጎ ወለድን ውሉዶምን ብዙሕ ዝርርብ ዘድልዮ ኩነት ኢዩ።**

ቁራዕ ርእሲ ብሽክለታ ክሳብ 15 ዓመት ዕድመ ሕጊ ዘገድዶ እኳ እንተኾነ፣ ብዙሓት ቆልዑ ቅድሚ እዚ ግዜ እዚ ብዘይ ቁራዕ ርእሲ ክኸዱ ምርኣይ ልሙድ ተርእዮ ኢዩ። ንኣሽቱ ሰባት ዝበዝሐ ክፋል ናይ ኣሰከፍቲ ናይ ብሽክለታ ሓደጋታት የቁሙ፣ ጠንቁ ድማ ብዙሓት ወለዲ ደቆም ኣበይን ብኸምይን ክዝውሩ ከምዘለዎም ስለ ዝዝንግዑ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። እዚ ስለ ዝኾነ እቲ ምኽንያት ድማ ኢዩ ነዚ ጉዳይ ናይ ድሕነት ዘሎዎ ኣዘዋውራ ክንገድፎ ዘይብልና፣ ንሕና ድማ ድሕነቱ ዝሕሉ ዘዋሪ ብምዃን ቀጻሊ ኣብነት ክንከውን ዘሎና።

## ክንዝክሮም ዘሎና ነገራት

- ብሽክለታ ምዝዋር ንጥዕናናን ንኣከባቢናን ጽቡቕ ኢዩ። ኣብ ግዜ ጉብዝናና ነጥርዮም ባህርያት መብዛሕቲኡ ግዜ ንህይወትና ምሉእ ኢና ሒዝናዮም ንኸይድ።
- እቲ ሕጊ ናይ ቁራዕ ርእሲ ብሽክለታ ንብዙሓት ወለዲ ሓገዝ ኢዩ፣ ግን ሓንጎል ናይ ልዕሊ 15 ዕድሚኦም ምሕላው እውን ኣገዳሲ ኢዩ።
- ብመሳምር መሳሊ ዝተደረዐ ጎማ ናይ ብሽክለታ ንዘወርቲ ወላ ኣብ ግዜ ሓጋይ ብሽክለታ ክዝውሩ ቀሊል ይገብሮ።
- ብሽክለታ ከም ናይ ጽርግያ ተሽከርካሪት ኢያ ትሕሰብ፣ እዚ ማለት ከኣ ዘወርቲ ብሽክለታ ናይ ትራፊክ ሕግታት ከኽብሩ ኣሎዎም ማለት ኢዩ፣ ንኣብነት ቀዳምነት ምሃብን ኣብ ሓደ ዝኣንፈቱ ጽርግያ ናብ ዘይፍቀድ ኣንፈት ዘይምዝዋርን።
- ዘወርቲ ብሽክለታ ኣብ ግዜ ጸላም ኣብ ዝዝውርሉ እዋን መብራህቲ ከብርሁ ብሕጊ ይግደዱ ኢዮም።

# ንኣሽቱ ሰባት ኣብ ሞቶር ብሽግለታ

**እቲ ዝተሓተ ሞቶር ብሽግለታ ምዝዋር ዝፍቐዶ ዕድመ 15 ዓመት ኢዩ። ስታስቲክስ ከም ዝሕብሮ ኣብ ከባቢ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ንኣሽቱ ሰባት እቶም ንሓደጋ ዝተቃልዑ ጉጅለ ኢዮም፣ እዚ ናይ ስታስቲክስ ተርእዮ ድማ ምስቲ ንኣሽቱ ሰባት ንመጀመርታ ሞቶር ብሽግለታ ዝሕዝሉን ናብ ትራፊክ ድማ ብሓንቲ ሞቶር ዘለዋ ተሽከርካሪት ዝወጹሉ እዋን ይጋጠም።ኣብ 2009 ዝኾነ ሰብ ሞቶር ብሽግለታ ንኽዝውር ኣብ ሓደ ብቑዕ ዝኾነ ናይ መምሃሪ ማእከል ክመሃር ዘገድድ ሕጊ ተሓጊጉ። ኮተቴ ውሉድኩም ናይ ክልሰ ሓሳብን ናይ ምዝዋርን ትምህርቲ ዘጠቓለለ እኹል ዝኾነ ናይ ምዝዋር ትምህርቲ ከምዝቐስሙ ግበሩ።**

ካብ ሓደ ጥሪ ጀሚሩ፣ ንዝኾነ ደረጃ I ዝኾነት ሞቶር ብሽግለታ ብልዕሊ 45 ኪ.ሜ/ሰዓት ምዝዋር ተኸልኪሉ ኣሎ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ሞቶር ብሽግለታ ክሳብ 60-80 ኪ.ሜ/ሰዓት ከም ዝኸዳ ክግበራ ይከኣል ኢዩ። እንተኾነ ግን ናይዘን ሞቶር ብሽግለታ እዚኣን ልጓም፣ ጎማታትን ቅርጽን ነዚ ንዑል ፍጥነት እዚ ተባሂሉ ኣይተሰርሐን። ፍጥነት ምስ ዝልዕል ክብደት ናይቲ ዝወርድ ማህሰይቲ ድማ ብእኡ መጠን ይውስኽ—ፍጥነትን ከም ዝውስኽ ዝተገብራ ሞቶር ብሽግለታ ኣብ ልዕሊ ፍርቂ ናይ ዘጋጥም ቀታሊ ሓደጋ ይርከባ።

ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለት ሞቶር ብሽግለታ እንተገዚእኩም እሞ ኸኣ እታ ሞቶር ብሽግለታ ፍጥነታ ከም ዝውስኽ ተገይሩ ነይሩ ከይከውን ክትፈልጡ ምስ እትደልዩ፣ ብዙሓት ሸየጥቲ ሞቶር ብሽግለታ ንኣብ ጥቕሚ ዝወዓላ ሞቶር ብሽግለታ ናይ ድሕነት ፈተሻ ይገብሩ ኢዮም።

ሞቶር ብሽግለታ ኣብ ንዝውረሉ እዋን ቁራዕ ርእሲ ክንመልስ ሕጊ የገድደና ኢዩ። እዚ ቁራዕ ርእሲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ፣ ከም ሓቂ፣ እቲ እንኮ ዘወርቲ ሞቶር ብሽግለታ ዝውንንዎ መከላኸሊ መሳርሒ ኢዩ። እዚ ቁራዕ ርእሲ ግጥም ኢሉ ክምለስን ብግቡእ ክእሰርን ኣሎዎ። ጥዑይ ገይሩ ምስ ዘይገጥም፣ ኣብ ግዜ ሓደጋ ክወድቕን ጥቕሚ ዘይብሉ ክኸውንን ይኽእል። እዚ ናይ ቁራዕ ርእሲ ሕጊ ወላ እውን ንተሳፈርቲ ናይ ሞቶር ብሽግለታ ዝምልከት ምዃኑ ምዝካር የድሊ። ነቲ ቁራዕ ርእሲ ብግቡእ እንተ ተጠቂምኩምሉ፣ ካብ 45 ኪ.ሜ/ሰዓት ብዘይበዝሐ ፍጥነት ኣብ እትጓዓዘሉ እዋን ኣብ ዘጋጥም ሓደጋ ብህይወት ናይ ምውጻእ ተኽእሎኹም ይዛይድ። ሕጂ ብዘይ ቁራዕ ርእሲ ብ70 ኪ.ሜ/ሰዓት ትዝውሩ እንተኔርኩም እንታይ ከጋጥም ከም ዝኽእል ገምቱ።

ካልእ ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ሕግታት ከምኒ ኣድላይነት ናይ ሞቶር መድሕን (ኢንሹራንስ)፣ ኣልኮል ወይ ሓሺሽ ኣብ ደምካ እንዳሃለወ ምዝዋር ክልኩል ምዃኑ ምፍላጥ፣ ሞቶር ብሽግለታ ኣብ ናይ ኣጋር መንገዲ ምዝዋር ክልኩል ምዃኑ ምፍላጥ፣ ከምኡ ውን ኩሎም ሕጊ ትራፊክ ክኽበሩ ከም ዘለዎም ምዝካር የድሊ።

**ሞቶር ብሽግለታ ኣብ ክልተ ደረጃታት ኢዮም ዝኽፈሉ፣ ቀዳማይ ደረጃን ካልኣይ ደረጃን።**



## ደረጃ I ሞቶር ብሽግለታ

- ናይ ግድን ክምዝገባን ታርጋ ክህልወንን ኣሎዎ።
- ዝለዓለ ፍጥነት 45 ኪ.ሜ/ሰዓት።
- ኣብ ናይ ብሽግለታ መንገዲ ክዝወራ የብለንን።
- እንተወሓደ ደረጃ-AM (AM-Class) ናይ ውዝዋር ፍቓድ የድልየን።
- ብግቡእ ዝተሰርሐን ዝተመልከተን መንበር ምስ ዝህሉ ሓደ ተሳፋራይ ጥራይ ኣብታ ሞቶር ብሽግለታ ክሳፈር ይኽእል።

## ደረጃ II ሞቶር ብሽግለታ

- ምዝገባ ናይ ግድን ኣይኮነን።
- ዝለዓለ ፍጥነት 25 ኪ.ሜ/ሰዓት።
- ብዘይካ "ሞቶር ብሽግለታ ኣይፍቀድን" ኣብ ዝብል ቦታ ኣብ ናይ ብሽግለታ መንገዲ እውን ክዝወራ ይከኣል።
- 'Förarbevis' ዝበሃል ዓይነት ፍቓድ የድልየን።
- ንተሳፋራይ ተባሂሉ ዝተዳለወ መንበር እንተልዩ ኣብ ደረጃ II ሞቶር ብሽግለታ ተሳፋራይ ክሳፈር ፍቑድ ኢዩ፣ እንተዘይኮይኑ ልክዕ እቲ ንተሳፋራይ ኣብ ብሽግለታ ምጉርባት ዝምልከት ሕጊ ይምልከተን።

---

## ክትዝክርዎም ዘለኩም ነገራት

- ንዝኾነት ሞቶር ብሽክለታ ዝያዳ ፍጥነት ከምትውስኽ ምግባር ዘይሕጋዊ ኢዩ።ከም ወላዲ መጠን፣ እዚ ሕጊ ከምዝኽበር ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣሎኩም።ንውሉድኩም ዝያዳ ፍጥነት ክህልዋ ዝተገብረት ሞቶር ብሽግለታ ንኽዝውር እንተ ኣፍቂድኩምሉ፣ ዘይሕጋዊ ምዝዋር ስለ ዘፍቀድኩም ብገንዘብ ክትቕጽዑ ትኽእሉ ኢኹም።
- ፍጥነታ ከም ዝውሰኽ ከምዘይተገብረት ንምርግጋጽ ነታ ሞተር ብሽክለታ ዘዊርኩም ፈትንዋ።
- ዝያዳ ፍጥነታ ከም ዝውሰኽ እንተተገይሩ፣ ሽየጥን ጸገንትን እቲ ዘሎ ውሕስነት ክስርዝዎ ይኽእሉ ኢዮም።
- ፍጥነታ ከም ዝውሰኽ ዝተገብረት ሞቶር ብሽግለታ ሓደጋ ምስ ዝወርዳ ናይ መድሕን (ኢንሹራንስ) ኩባንያታት ጥርዓን ምቕባል ክኣብያ ይኽእላ ኢየን።
- እታ ሞቶር ብሽግለታ ፍጥነታ ከም ዝውሰኽ ዝተገብረት እንተኾይና፣ ውላድኩም ውን መምርሒ ፍቓዱ ክእገድ ይኽእል ኢዩ።
- ፍጥነታ ከም ዝውሰኽ ዝተገብረት ሞቶር ብሽግለታ ብፖሊስ ክትህገር ትኽእል።
- ፍጥነታ ከም ዝውሰኽ ዝተገብረት ሞቶር ብሽግለታ ምዝዋር፣ ኣብ መጻኢ ንናይ ምዝዋር ፍቓድ ኣብ ምርካብ ጸገማት ክስዕበልኩም ይኽእል።



"ብትሑት ፍጥነት ዝጓዓዝ ተሽከርካሪ" ዝብል ምልክት ኣብ ድሕሪት ናይ ሓንቲ A-ሰሓቢት ክህሉ ናይ ግድን ኢዩ።



# ሰሓቢት-A

**"ሰሓቢት-A" ናብ ሰሓቢት ዝተለወጠትን ዝለዓለ ፍጥነታ ድማ ካብ 30 ኪ.ሜ/ሰዓት ዘይሓልፍን መኪና ኢያ። ሰሓቢት-A ንሓደ ወይ ክልተ ተሳፈርቲ ኮፍ ክብል ዝኽእል መንበር ክህልዋ ዝኽእል ኮይን፣ ግን ዝኾነ ተሳፋራይ ወይ ውን ንብረት ኣብቲ ድሕሪ እዚ ናይ ቅድሚት መናብር ዝርከብ ክፋል ክጸዓን ኣይፍቀድን።**

ሰሓቢት-A ንኽትዝውር መምርሒ ፍቓድ ናይ ዝኾነ ደረጃ ወይ ከኣ ፍሉይ ናይ ሰሓቢት መምርሒ ፍቓድ የድልየካ።ናይ ሰሓቢት መምርሒ ፍቓድ ንወነንቱ ዝለዓለ ብ40 ኪ.ሜ/ሰዓት ትጓዓዝ ሰሓቢት ወይ ከኣ ዝለዓለ ፍጥነታ ካብ 30 ኪ.ሜ/ሰዓት ዘይሓልፍ ደረጃ II ሞቶር ዘሎዋ መሳርሒ ክዝውሩ የኽእሎም።

ንሞቶር ፍጥነት ከምዝውሰኽ ምግባር ንሰሓቢት-A እውን ዘጠቓልል ጸገም ኢዩ። ብNTF ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ ዳርጋ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ዘወርቲ ሰሓቢት-A ልዕሊ 80 ኪ..ሜ/ሰዓት ክኸዳ ዝኽእላ ተሸከርከርቲ ከምዝነበርኦም ኣርእዩ።

**ናይ ሰሓቢት መምርሒ ፍቓድ ንክትሕዙ እዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዎ ነገራት ኣድለይቲ ኢዮም፡**

1. *ብቑዕ ዝኾነ ናይ ምዝዋር ተማሃራይ ፍቓድ ምሓዝ።*
2. *16 ዕድመ ዝመላእካ ምኧን።*
3. *ሓደ ናይ ክልስ ሓሳብ መርመራ ምሕላፍ።*

ናይ ሰሓቢት መምርሒ ፍቓድ ዝሓዘ ሰብ ንደረጃ I'ን ደረጃ II'ን ዘለወን ሞቶር ብሽግለታ ክዝውር ይኽእል። ደረጃ-AM መምርሒ ፍቓድ እንተደኣ ሃልዩኩም ሰሓቢት-A ክትዝውሩ ትኽእሉ ኢኹም። ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ምስገበርኩም ደረጃ-AM መምርሒ ፍቓድ ክትሕዙ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ መምርሒ ፍቓድ ንወነንቱ ካብቲ ንቡር ዕድመ ናይ ሰሓቢት መምርሒ ፍቓድ ክወጸሉ ዝፍቐድ ዕድመ ኣቀዲሞም ሰሓቢት ከመርሑ የኽእሎም።

ካብ 2017 ጀሚሩ፣ ሰሓቢት-A ውን ኣድላዪ ፈተሻ ክግበረለን ኢዩ። ሰሓቢት-A ትውንኑ እንተደኣ ኮይንኩም ኣበየናይ እዋን እቲ ፈተሻ ከም ዝግበረላ ክትፈልጡ ኣለኩም።

---

## ክትዝክርዎም ዘለኩም ነገራት

- እታ ተሸከርካሪት ፍጥነታ ከም ዝውሰኽ ከም ዘይተገብረ ንምርግጋጽ ዘዋርኩም ፈትንዋ።
- ንዝኾነ ሰብ ንተሰሓቢቱ ፍጥነት ከምትውሰኽ ንኽገብራ ኣይትተሓባበሩ።
- ፍጥነታ ከም ዝውሰኽ ዝተገብረት ሰሓቢት-A ምዝዋር፣ ኣብ መጻኢ ንናይ ምዝዋር ፍቓድ ኣብ ምርካብ ጸገማት ከስዕበልኩም ይኽእል።
- እታ ተሸከርካሪ ፍጥነታ ከም ዝውሰኽ እንተተገይሩ፣ ንስኹም ከም መጠን ወላድን ወናኒ ናይታ ተሸከርካሪትን ኢኹም ብሓላፍነት ትሕተቱ። ውሉድኩም ልክዕ ከም ብዘይ መምርሒ መኪና ዝዝውር ዘሎ ሰብ፣ ብዘይሕጋዊ ምዝዋር ገበነኛ ኮይኑ ክርከብ ይኽእል ኢዩ።

# መንገዲ ናብ መምርሒ ፍቓድ

**መምርሒ ፍቓድ ንምርካብ፣ ካብ ናይ ሽወደን ወኪል መጓዓዝያ ናይ ትምህርቲ ፍቓድ ኣድላዪ ኢዩ። እዚ ፍቓድ እዚ ንሓሙሽተ ዓመት ከገልግል ይኽእል። ሓደ ናይ ደረጃ B ዝኾነ መምርሒ ፍቓድ ንወነንቱ፡ ክብደተን ብጠቕላላ ካብ 3500 ኪግ ዘይበዝሑ ተራ መካይንን ፈኮስቲ ናይ ጽዕነት መካይንን ክመርሑ የኽእሎም።**

መምርሒ ፍቓድ ንምውጻእ፣ እቲ ዘመልከት ዘሎ ሰብ ልዕሊ 18 ዕድመ ዝገበረ፣ ናይ ሽወደን ነባርነት ዘለዎን ነቲ መእተዊ ትምህርትን ክልቲኡ ክፋላት ናይቲ ጠንቂ ሓደጋታት ትራፊክ ዝብል ትምህርትን ዝወሰደ ክኸውንን ኣሎዎ። እቲ ናይ ምዝዋር መርመራ ናይ ክልስ ሓሳብን ግብራዊ ናይ ምዝዋር ክፋላትን ዝሓዘ ኢዩ። እዞም ክልተ ክፋላት ኣብ ሓደ እዋን ክውድኡ ኣለዎም።

ድሕነት ዘለዎ ዘዋራይ ንኽትከውን፣ መኪና ከመይ ጌርካ ከምትመርሕን ሕጊ ትራፊክ ምኽታልን ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣቀዲምካ መገሻኻ ምምዳብ፣ ከጋጥም ዝኽእል ሓደጋን ናትካ ድኽመታትን ምግጋም የድልየካ። ተመክሮ ምውሳኽ ናይ ልምምድ ሕቶ ኢዩ፣ እቲ ዝበለጸ ነገር ከኣ ነቲ ኣብ ናይ ትምህርቲ ምዝዋር መኪና ዝተመሃርካዮ ትምህርቲ ምስ ናይ ብሕትኻ ግብራዊ ልምምድ ምስ እተተሓሕዞ ኢዩ። ኮተቴታት ካብ 16 ዕድሚኦም ጀሚሮም ኣብ ትሕቲ ተቖጻጻሪ ልምምድ ክጅምሩ ይኽእሉ ኢዮም። እቲ ተቖጻጻሪ ሰብ መእተዊ ትምህርቲ ዝወሰደ ዝሓለፈን ክኸውን፣ ዕድሚኡ ካብ 24 ንላዕሊ ክኸውን ከምኡ ድማ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ብድምር ን5 ዓመት መምርሒ ፍቓድ ዝሓዘ ክኸውን ኣሎዎ።

---

## ክትዝክርዎም ዘለኩም ነገራት

- ኣብቲ መእተዊ ትምህርቲ ብሓባር ምስታፍ ንልምምድ ናይ ምዝዋር ትምህርቲ ጽቡቕ መሰረት የንጽፍ።
- ንኣሽቱ ዘወርቲ ምኩራት ኣይኮኑን። ብዙሕ ግዜ ልምምድ ምዝዋር ምስ ዝገብሩ ዝበለጸ ኢዩ። ስለዚ ናይ ልምምድ ትምህርቲ ብዝተኻእለ ቀልጢፉ ክጅመርን ብዙሕ ግዜ ክደጋገምን ኣሎዎ።
- እቲ ተቖጻጻሪ ሰብ ኣብ ናይ ግሊ ናይ ግብራዊ ልምምድ ግዜ ኢዩ ሓላፍነት ዝስከም፣ እቲ ተቖጻጻሪ ድማ ናይ ዝኾነ ተሳፋራይ እውን ሓላፍነት ይስከም።


SKALDJUR
FISKAFFÄR
DELIKATESSER
14 KöK


60

# ኮተቴታትን ምዝዋርን

**ተኽእሎታት ሓደጋ** ነኣሽቱ ዘወርቲ ኣብ ናይ ንጽል-ተሸከርከርቲ ምድብ ሓደጋን ኣብ ናይ መኪና ምቁጽጻር ዝሰኣንሉ ሓደጋታትን ልዕሊ ዓቐን ኢዮም ዝርከቡ። ልዑል ፍጥነትን ተሞክሮ ዘይምህላውን ሓደገኛ ውህደት ኢዮም፡ ናይ ሞት ተኽእሎ ድማ ካብ ኣብ ዝያዳ ምኩራት ዘወርቲ ኣብ ንኣሽቱ ዘወርቲ ብዕጽፍታት ይዛይድ። ዝበዝሑ ኣብ ከምዚ ዓይነት ሓደጋ ዝሞቱ ሰባት መቐነት ከይገበሩ ዝጸንሑ ኢዮም። ካብ ኩሎም ዝኸፍአ ጉጅለ ድማ ንኣሽቱ ዘወርቲ ኮይኖም ሽዑ መምርሒ ፍቓዶም ዝወሰዱን ልዕሊቲ ደረት ፍጥነት ዝዝውሩ ዝነበሩን ኢዮም።

ናይ ሓደጋ ተኽእሎ ኣብ ግዜ ምሸትን ለይትን ዝለዓለ ኢዩ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ቀዳመ ሰንበት። ምስ ኣልኮልን ዕጸ ፋርስን ዝተሓሓዙ ሓደጋታት ኣብ ንኣሽቱ ዘወርቲ ካብ ካልኦት ተጠቐምቲ ናይ ጽርግያ ብዝበዝሐ ይረኣዩ። ንኣሽቱ ሰባት ኣብ ምስ ድኻም ዝተሓሓዝ ዓይነት ሓደጋ ውን ብልዑል ዓቐን ይርከቡ።

ኣብዚ ግዜ እዚ ናይ መራሒ መኪና ናይ ምምዝዛን ክእለት ክደክም ከሎ ድሕነት ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ቴክኒካዊ ስርዓታት ደገፍ ኣሎ፣ ንኣብነት ናይ መቐነት መዘከሪ፣ ድኻም መራሒ መኪና ዝሕብር መሳርሒ ከምኡ እውን ውህደት ምስ ፍጥነት።ካብዚኦም እቲ ቀንዲ ልሙድ ናይ መቐነት መዘከሪ ኮይኑ፣ እዚ ነቲ መራሒ መኪና መቐነት ንክቕነት ድምጽን ምልክትን ብምግባር ይሕብር። ንዝዛየደ ድሕነት ናይ ትራፊክ ብዙሕ ናይ ደገፍ ስርዓታት ዘለዋ መኪና ክትመርጹ ፈትኑ።



**ብመስተ ተኻኢልካ ኣብ ትራፊክ** ኣልኮል፣ ዕጸ-ፋርስን ትራፊክን ብሓንሳብ ኣይከዱን ኢዮም። እንተኾነ ግን፣ ዓመታዊ ብዙሓት ሰባት ብሰንኪ መስተ ሰቲኻ ምዝዋር ይሞቱ ወይ እውን ከቢድ ማህሰይቲ ይወርዶም። ሓደ ሲሶ ካብ ኩሎም ሰትዮም ዝዝውሩ ሰባት ኣብ ክሊ ዕድመ 18 ክሳብ 24 ይርከቡ።ሓደ ሰብ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ናይ ኣልኮል ወይ ዕጸ-ፋርስ እንዳዘወረ እንከሎ ኣብ ሓደ ኣብ ካልኦት ሰባት ሃስያ ወይ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ምስዝሳተፍ ክሳብ ሽሞንተ ዓመት ንክእሰር ክፍረድ ይኽእል።

ከም ወላዲ መጠን፣ ንደቅኹም ኣብነት ኢኹም። ብዛዕባ እቲ ሳዕቤናት ምስኦም ዘትዩ፣ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ኣልኮላዊ መስተ እንተ ዘዊሮም እንታይ ከጋጥሞም ከም ዝኽእል ኣፍልጥዎም። ምስ ዝኾነ ብኣልኮላዊ መስተ ተመሪዙ ዝዝውር ሰብ ከይሳፈሩ ትብዓት ሃብዎም። ምኽንያቱ ሰትዮም ዝዝውሩ ዘወርቲ ኣዝዮም ሓደገኛታት ኢዮም። ምስኦም ንምኻድ ምእባይ ዝያዳ ተባዕ ውሳነ ኢዩ። ሓደ ሰብ ሰትዩ ንከይዝውር ንምክልኻል ናብ ፖሊስ ድዊልኩም ሓብሩ። ከምዚ ምግባርኩም ህይወት ናይ ምድሓን ጉዳይ ኢዩ፡ ህይወትኩምን ህይወት ካልኦትን። እቲ ዝበለጸ ኣጋጣሚ ዝሰተየ ሰብ ብፖሊስ ደው ክብል እንከሎ ኢዩ። ኣብ ዝኸፍአ ኣጋጣሚ ድማ ናይቲ መንእሰይ ናይ መወዳእታ መገሻ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

መዕቀን ሃንገፍታ (Breathalyser) መስተ ሰቲኻ ካብ ምዝዋር ዝከላኸል መንገዲ ኢዩ። ነታ መኪና ንኽተተንስእዋ ናብ ሓደ መውዓል ኣፍ ከተስተንፍሱ ኣለኩም። ክትሰትዩ እንተጸኒሕኩም፣ ነታ መኪና ከተተስእዋ ኣይከኣልን ኢዩ። እዚ ዓይነት ናይ ድሕነት ስርዓት ኣብ ናይ ብሕቲ መካይን ክሳብ ሕጂ ኣዝዩ ልሙድ ኣይኮነን።

## ክትዝክርዎም ዘለኩም ነገራት

- ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእስኹም ባህሪ ሕሰቡ። ኩሉ ግዜ መቐንት ብምግባር፣ ፍጥነትኩም ብምሕላው፣ ደረት ፍጥነት ምኽባር፡ ከምኡ ውን ኣብ እትዝውሩሉ ግዜ ጽቡቕ ብምዕራፍን ከይሰተኹም ብምዝዋርን ንውሉድኩም ጽቡቕ ኣብነት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።
- ውሉድኩም ካብ ግብጃ ማለት ፌስታ ንገዛ ብኸመይ ከም ዝምለሱ ኣቐዲምኩም ወስኑ።
- ወላ ፍርቂ ለይቲ ይኹን ንውሉድኩም ናብ ገዛ ክድውል ኣፍቅዱሉ።
- ህዝባዊ መጓዓዝያ ክትቐሙ ኣተባብዕዎም።
- ምስ ካልኦት ወለዲ ብምስምማዕ፣ ንውሉድኩም በብተራ ብመኪናኹም ኣብጽሕዎም።
- ንኮተቴ ውሉድኩም ናይ ታክሲ ገንዘብ ሃብዎ ወይ እውን ንኽሓድሩ ዘድልዮም ቦርሳ ከም ዝጥርንፉ ግበሩ።



# ንማሕበራትና ርኸብዎም

Blekinge: **blekinge.ntf.se**

Dalarna: **dalarna.ntf.se**

FyrBoDal: **fyrbodal.ntf.se**

Gotland: **gotland.ntf.se**

Gävleborg: **gavleborg.ntf.se**

Halland: **halland.ntf.se**

Jämtland: **jamtland.ntf.se**

Jönköping: **jonkoping.ntf.se**

Kalmar: **kalmar.ntf.se**

Kronoberg: **kronoberg.ntf.se**

Norrbotten: **norrbotten.ntf.se**

Skaraborg: **skaraborg.ntf.se**

Skåne: **skane.ntf.se**

Stockholm: **stockholm.ntf.se**

Sörmland: **sormland.ntf.se**

Uppsala: **uppsala.ntf.se**

Värmland: **varmland.ntf.se**

Väst: **vast.ntf.se**

Västerbotten: **vasterbotten.ntf.se**

Västernorrland: **vasternorrland.ntf.se**

Västmanland: **vastmanland.ntf.se**

Örebro: **orebro.ntf.se**

Östergötland: **ostergotland.ntf.se**

NTF
ውሑስ ትራፊክ